ቤት ፅሕፈት ኣገልገሎት ማይን ፈሳስን ከተማ ማይ ፀብሪ ኣብታ ከተማ ንዘሎ ሕፅረት ዝስተ ማይ ንምቕላል ናይ ቦጥ መኪና ማይ ፍቃድ ንግዲ ንዘለዎም ኣገልግሎት ዝህቡ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሚያዝያ 5, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 16, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ማይ ፀብሪ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:40.0
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 16, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መኪና ክራይ/ ዕድጊት ኽቢደ መሸን/

1 ተጫረቲ ግብሪ መንግስቲ 2011ዓ/ም ዝከፈሉ ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ንናይ ማይ ቦጥ መኪና ዘለዎም ዘይምለስ ቅዳሕ ብምግባር ከቅርቡ ዘለዎም፤

2 ተጫረቲ ኣብ ዝርዝር መቅረባይነት ዝተመዝገቡ ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር ከቅርቡ ዝክእሉ፤

3 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ዘለዎም ዋናን ቅዳሕን ከቅርቡ ዝክእሉ፤

4 ናይ ወርሒ ለካቲት 2011ዓ/ም ሒሳብ ዘወራርድሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ፤

5 ተጫረቲ ተወሳኪ እሴት ተመዝገብቲ ዝኾኑ ዋናን ቅዳሕን ከቅርቡ ዝክእሉ፤

6 ናይ ቦጥ መኪና 15m^3 ልዕሊኡን ትሕዝ ምኺና ዘረጋግፅ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ፤

7 ተጫረቲ ኣብ መዓልቲ ተነኣሰ 4 ግዜ ከምፅኡ ፍቃደኛ ክኾኑ ኣለዎም፤

8 ዝመፀሉ ርሕቀት ካብታ ከተማ 3 ኪሎሜትር ርሕቀት ዝርከብ እንትከውን በፂሕካ ንምምላስ 6 ኪሎሜትር ምኺኑ ክፈልጥ ኣለዎ፤

9 ተጫረቲ ኩሉ ወፃኢ ናይ ቦጥ መኪና ባዕሎም ዝሸፍንዎ ምኺኖም ክፈልጡ ኣለዎም፤

10 ቀረብ ማይ ናብ ቤት ፅሕፈት ማይን ፈሳስን ከተማ ማይ ፀብሪ ከቅርብ ዝክእል፤

11 ንቤት ፅሕፈት ማይን ፈሳስን ከተማ ማይ ፀብሪ ኣብ ዝተመረፁ ከባቢታትን ንህዝቢ ይዕድል።

12 ተጫረቲ ናይ ዘቅርብዎ መወዳደሪ ሰነድ ቅጥዒ ጥራሕ ይከውን።

13 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 40.00 ቅርሺ እናከፈሉ ክወስዱ ይክእሉ፤

14 ተጫረቲ ኣብ ዘምፅእዎ ሰነድ ፖስታ ናይ ተጫራቲ ሸም ፊርማን ኣድራሻን ከምኡውን ማህተም ክግበረሉ ኣለዎ፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

15 ሰነድ ጨረታ ተጫራታይ ካብ ቤት ፅሕፈት ማይን ፈሳስን ከተማ ማይ ፀብሪ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ርን ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 3 ክወስዱ ይክእሉ፤

16 ተጫረቲ ብመከበሪ ጨረታ ቢድ ቦንድ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ /ሲፒኦ/ 3000.00ሽሕ ቅርሺ ከትሕዙ ኣለዎም፤

17 እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ 01/08/2011ዓ/ም-15/08/2011ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ሰነድ ጨረታ ዝሸየጥ ኮይኑ ኣብ ከይዲ ይፀንሕ፤

18 እዚ ጨረታ 16/08/2011ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት 4፡30 ናይ ንግሆ ተጫራቲ ወይ ሕጋዊ ወከሊላቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኣገልገሎት ማይን ፈሳስን ከተማ ማይ ፀብሪ ይክፈት።

19 ሰዓራይ ጨረታ ካብ ዝሰዓረሉ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 2 መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ይግባእ።

20 እቲ ቤት ዕዮ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0346-620271 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

መተሓሳሰቢ ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ክከውን ኣለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle